**<u>ኢድ ጎበጥቲ ዘሰዕቦ ዞሎ ዕንወት ኣብ ሃገራት።</u>**

ኲነታት ዓለምና ንጠምቶ ባኣንክሮ፣

ቡዙሕ ነገር ኣሎ ካብኡ ንማሃሮ፣

ዝሕግዝ ሃገርና ከይኣትዋ መንሹሮ።

    ቀደም ኔሩ ኹናት ማዕዶ ንማዕዶ፣

    ኑሱ ይቱኩስ ንስኻ ትኸዶ፣

    ሽማግለ ይዓርቁ ፍታሕ ይህቡ ፈራዶ።

ትቕየድ በቲ ዝተዋህበ ፍርዲ፣

ሰላም ይነግስ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ዓዲ፣

ህዝቢ ይበጻጻሕ ኣብ ሓዘን ኣብ ነግዲ።

    ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ውግእ ቀይሩ ባህርያቱ፣

    ዉሑዳ ገበቲ ኮይኖም ዋናታቱ፣

    ሮድ ማፕ ዝብል መተከል ይሕንጹጹ ህዝቢ ከናቕቱ።

ግብረ ሽበራ ኮይኑ ፖለቲክኦም፣

እገዳ ድማ ቀንዲ ጠበንጃኦም፣

ኣብ ጎኖም የሰልፉ ነተን ዝመስልኦም።

    ከደምቲ ይቕጽሩ ፈንጂ ዳህሰስቲ፣

    ቶግ ምስ በለት ቀልጢፎም ካሓድቲ፣

    ስርሖም ተራእዩ ብተግባር ኣብ እጂብቲ።

እስከ ንመልከት ኲነታት ግብጺ ሊብያ፣

ባህረይን ዒራቅ ታሪኻዊት ሱርያ፣

ኣፍጋኒስታን ፓኪስታን ምስ ቱኒዝያ።

    የመን ፍልስጢየም ዓባይ ሶማሊያ፣

    ምስ ኩሉ ጸጋታታ ሃገር ናይጀሪያ፣

    ሃብታማት ሃገራት ኡጋንዳ ከንያ።

ብሓገዝ እትነብር ጎረበትና ኢትዮጵያ፣

ደቡብ ሱዳን ኣብ ውልዶኣ ተቖጵያ፣

ንኩለራዊ ኣጽዋር እትውንን ሰሜን ኮሪያ።

    ዝቀላቐል ዘሎ ናብ ቨነንዙኤላ ቦሊቪያ፣

    ኣለዋ’ውን ካልኦት ብዙሓት ዘይተሰምያ፣

    ጎበጢ ዝጥምቱወን ብድብያ።

እዘን ከም ኣብነት ዝተጠቐሳ ሃገራት፣

ህዝበን እንተዝምክት ብሓድነት ብጽንዓት፣

ሎሚ ኣይምወደቓን ኣብዚ ዘለውኦ መዓት።

    ንሕና ኤሪትራውያን ንሕበን ብሓድነትና፣

    ዝወረስናዮ ካብ ቀዳሞት ኣቦታትና፣

    ደጊሙ ዝተረረ ኣብ ግዜ ሰውራና።

ሕጂ ግን ስለ ዝበዝሑ ጸላእትና፣

እቶም ክጎብጡ ዝደልዩ ንሃገርና፣

ንዓና መሲሎም’ዮም ዝኣትዉ ገዛና።

    መስሎኺ ምስ ሰኣኑ ገጢሙ ማዕጾና፣

    ኤርትራ ኣሸበርቲ ትሕግዝ’ያ ኢሎም ይኸሱና፣

    ብኡ ምስፈሸሉ ይቕዩሩ ቃና።

ጸኒሖም ሰብኣዊ መሰል ድበሃል የልዑሉ፣

ነቲ ሃገር ዝሃንጽ ዘሎ መንእሰይ ቅጽል ስም ባርያ የውጽኡሉ ፣

ኣብ ኣፍደጊኦም ዘላ መክሲኮ እናኸልከሉ፣

መንእሰይ ኤርትራ ክግሕጡ ብዙሕ ይሻቐሉ።

    ብኡ ጥራሕ መዓስ ደው ይብሉ፣

    ጉዳይ እሱራት ከም መዋግኢ ኹናት ይጥቀሙሉ፣

    ኤርትራ ቁዋም ዘይብላ ሃገር’ያ ኢሎም’ውን የዕልሉ።

ቁዋሞም ቁዋምና ኣይግበሮ፣

ክንፈልጦ’ውን ኣይንደልን ከም ቶሞኩሮ፣

ህዝቦም ኣብ ፈቖዶ ከተማ ተደርቢዩ ኣሎ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሱዋኣትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።